Dienst Terugkeer en Vertrek
*Ministerie van Justitie en Veiligheid*

# ዘመልከትካዮ ዑቕባ ስለ ዝተነጽገ ሕጂ እንታይ የጋጥም?

ኣብ ኔዘርላንድ ዑቕባ ክምዘይወሃበካ IND ሓቢሩካ ኣሎ። እዚ ንዓኻ ተስፋ ዘቑርጽ ምኳኑ ንርዳእ ኢና። ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽእ ንምብጋስካ ብጥንቃቐ ምድላው ናትና ስራሕ እዩ። እዚ ብኸመይ ከም እንገብሮ ድሮ ናይ ምምላስ ውሳኔ ዝተቐበልካ ኣብ ምኳንካ ወይ ዘይምኳንካ ዝምርኮስ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ኩነታት ምትሕብባር ክትገብር ድማ ኣገዳሲ እዩ።



## ገና ናይ ምምላስ ውሳኔ የብልካን

ምሳኻ ብሓባር ብምኳን ክትነብሩ እትኽእል ስድራ-ቤት ወይ ፈለጥቲ እንተሃልዮም ክንደልይ ኢና። እዚ ኣይሰለጠን ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን መዕቆቢ ቤት ንደልይ። እዚ መርመራ 1 ዓመት ክወስድ ይኽእል እዩ። 3 ዝተፈላለዩ ውጽኢታት ክህልዉ ድማ ተኽእሎ ኣሎ።

### 1 ብቑዕ መዕቆቢ ንረክብ



ንሕና ብቑዕ መዕቆቢ እንተድኣ ረኺብና ሕጂ እውን ገና ናይ ምምላስ ውሳኔ ክትቅበል ኢኻ።

ንየማን ተመልከት



### 2 ምትሕብባር ገይርካ ክነስኻ ንሕና መዕቆቢ ኣይንረክብን

ኣብቲ መዕቆቢ ንምርካብ ዝግበር መርመራ ኩሉ ግዜ ምትሕብባር ገይርካ ዲኻ? ኮይኑ ግን ንሕና ንዓኻ ዝኸውን ጽቡቕ ቦታ ኣይረኸብናን ዲኻ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ንIND ክነፍልጦ ኢና። ብድሕሪኡ ድማ IND ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትጸንሕ ዝፍቀደልካ ምኳኑ ክውስን ይኽእል።




### 3 እኹል ምትሕብባር ኣይገበርካን፣ ንሕና ድማ መዕቆቢ ክንረክብ ኣይከኣልናን




ኩሉ ኣይትነግረናን ዲኻ፣ ወይ ምሉእ ቅንዕና ዘለካ ኣይኮንካን ዲኻ? ከምኡ ምስ ዝኸውን IND ተወሳኺ መርመራ ንኽንገብር ክሓተና ይኽእል እዩ። ሕጂ እውን ንዓኻ ዝኸውን መዕቆቢ ክንረኽበልካ ኣይከኣልናን ዲና? 18 ዓመት ድሕሪ ምምላእካ ኣብ ኔዘርላንድ ምጽናሕካ ዘይሕጋዊ እዩ። ሽዑ ደጊም መጽለሊን ትምህርትን ናይ ምርካብ መሰል የብልካን። ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽእ ድማ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።



## ናይ ምምላስ ውሳኔ ተቐቢልካ ኣለኻ

ካብ ኔዘርላንድ ክትወጽእ ኣለካ። እዚ ንዓኻ እንታይ ማለት ምኳኑን፣ መን ክከናኸነካ ከም ዝኽእልን ብዝምልከት ድማ ንመያየጥ። 3 ዝተፈላለዩ ውጽኢታት ክህልዉ ተኽእሎ ኣሎ።

### 1 ምትሕብባር ትገብርን ትምለስን

ምስ ስድራ-ቤትካ፣ ፈለጥትኻ ወይ ምስቲ መዕቆቢ ቤት ብሓባር ብምኳን ስምምዓት ንገብር። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ናይ መገሻ ሰነዳት ነዋድድ። ሓደ መራሓይ ኸኣ ናብቲ ዝከናኸነካ ሰብ ክወስደካ እዩ።



ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ምስ እትነግረና ብዝበለጸ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። ስልጠና ወይ ስራሕ ምድላይ ብዝምልከት እውን።




### 2 ምትሕብባር ገይርካ ክነስኻ ክትብገስ ኣይከኣልካን



ምትሕብባር ገይርካ ክነስኻ ንዓኻ ንምብጋስካ ኣይሰለጠን ድዩ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ንIND ክነፍልጦ ኢና። ብድሕሪኡ IND ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትጸንሕ ዝፍቀደልካ ምኳኑ ክውስን ይኽእል።

### 3 እኹል ምትሕብባር ኣይገበርካን፣ ከምኡ እውን ጽቡቕ ስምምዓት ንምግባር ኣይሰለጠን




ኩሉ ኣይትነግረናን ዲኻ፣ ወይ ምሉእ ቅንዕና ዘለካ ኣይኮንካን ዲኻ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ብዙሕ ክንሕግዘካ ዘይንኽእል ክንከውን ንኽእል ኢና። ንዓኻ ንምብጋስካ ኣይሰለጠን ድዩ? 18 ዓመት ድሕሪ ምምላእካ ኣብ ኔዘርላንድ ምጽናሕካ ዘይሕጋዊ እዩ። ሽዑ ደጊም መጽለሊን ትምህርትን ናይ ምርካብ መሰል የብልካን። ካብ ኔዘርላንድ ንኽትወጽእ ድማ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።

*Tigrinya, 2024*